ሉቱዌንያ

Reception and Integration Agency

euaa EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ኣብ መቐበሊ ቦታ ዘለኹም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ይምልከት፣ እንድሕር ደኣ፥

- ዓብዪ ሰብ ኴንካ (ልዕሊ 18 ዓመት)
- ንኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቕባ እውን ይበሃል) ኣብ ሉቱዌንያ ኣመልኪትካ ኢኻ፣ ሕጂ ድማ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኢኻ ዘለኻ።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ


ምቕባል ወይ ኣቀባብላ እንታይ እዩ? 3

እንታይ ክትረክብ ኢኻ? 6

መሰል ክንክን ጥዕና 7

መሰል ትምህርቲ ንህጻናት 10

መሰል ስራሕ 11

ናይ ቋንቋ ኮርሳትን ሞያዊ ስልጠናን 12

ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምኳንካ ዝገልጽ ሰነድ 13

ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ? 13

ሓደ ኣመልካቲ ክእሰረሎም ዝኽእሉ ኩነታት 17

ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም? 18

ግዴታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን? 19

ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ እንታይ ይኸውን? 20

ናብታ ብዘይ ፍቓድ ዝወጻእካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣባል ሃገር ምስ ተመለስካ እንታይ ይኸውን? 20

ውሳነ በዓል መዚ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም 21

ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም 22


ዝርዝር መራኸቢ 24

## ምቕባል ወይ ኣቀባብላ እንታይ እዩ?

ኣቀባብላ ማለት ሰብ መዚ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ንክምርምሩ ኣብ እትጽበየሉ እዋን እትረኽቦ ደገፍ እዩ። ኣብዚ ብሮሹር ወረቐት ተገሊጹ ዘሎ ናይ ምቕባል መሰላትን ግዴታታትን የጠቓልል።

ኣብ **ሉቱዌንያ** እቲ ናይ ምቕባል ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ እዩ። እቲ ናይ ዑቕባ መመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ ክፍሊ ስደት እዩ።

እቶም ናይ ስቴት ዶብ ሓለዋ ኣገልግሎት ወይድማ ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ ሰራሕተኛታት ኣብዚ ብሮሹር ወረቐት ዘሎ ሓበሬታ ከም ዝረኸብኩም ከተረጋግጹን ክትፍርሙን ክሓቱኹም እዮም። ገለ ነገር ንጹር እንተዘይኮይኑ ንሰራሕተኛታት ክገልጹ ሕተቶም።



**ኣብዛ ሃገር ዉሑስ ኢኻ።**

ኣብ እዋን ጻንሖትኩም፡ ናይ ምቕባልን ምውሃድን ኤጀንሲ ሰራሕተኛታት ከከም ኩነታትኩም ብዛዕባ ኣገልግሎት መቐበሊ ኣጋይሽን ደገፍን ክሕብሩኹም እዮም።



ብተወሳኺ ንኻልኦት ትካላት ሓበሬታን ሓገዝን ብነጻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ እዚ ብሮሹራት ዝርዝር ትካላት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።



**ሓደ ተርጓሚ** ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ምስ ሰራሕተኛታት ብዝርድኣኩም ቋንቋ ንክትረዳድኡ ክሕግዘኩም እዩ። እቲ ተርጓሚ ንዝተዛረብካዮ ነገር ንኻልእ ሰብ ኣይከካፍልን እዩ። እቲ ተርጓሚ ብኣካል፣ ብቴሌፎን፣ ወይድማ ኦንላይን ክሳተፍ እዩ።

**ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባን ክትክተልዎም ዘለኩም ሕግታትን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ዝተፈላለየ ብሮሹራት ክትረኽቡ ኢኹም።**

**ሕጂ ኣብ ሉቱዌንያ ኢኻ ዘለኻ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡**

እተን 27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፡ ቤልጅየም፡ ቡልጋርያ፡ ክሮኤሽያ፡ ቆጵሮስ፡ ቸክያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶንያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ሃንጋሪ፡ ኢጣልያ፡ ላቲቭያ፡ ሊትዋንያ፡ ሉክሰምበርግ፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ሮማንያ፡ ስሎቫክያ፡ ስሎቨንያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን ከምኡ'ውን

ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድን።

## ኣቓልቦ!

ኣመልከትቲ ኣብ ኩለን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ተመሳሳሊ ናይ ምቕባል መሰልን ግዴታታትን ኣለዎም።

ዑቕባ ንምሕታትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት አለዉ እዮም።

እቶም ሰብ መዚ ካልእ ነገር እንተዘይሓቢሮምኹም **ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ኣብታ ፈለማ ዝኣተኹምላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኢኹም ክተመዝግቡ ዘለኩም።**

**ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ጥራይ እያ።** ኣብ ሉቱዌንያ ዝርከቡ ሰብ መዚ፣ ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ንሕቶ ዑቕባኹም ተሓታቲት ምዃና ንምውሳን መስርሕ ክኽተሉ እዮም።

**ኣብ ሉቱዌንያ ክትጸንሕ ኣለካ። ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።** እንተ ወጺእካ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ። ኣብ ሉቱዌንያ ዘሎ መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ። ኣብታ ካልእቲ ሃገር ናይ ምንቅስቓስ ናጽነትካ ክድረት ይኽእል እዩ፡ ገለ ናይ መቐበሊ ኣገልግሎታት ድማ ክስረዝ ይኽእል እዩ።

# እንታይ ክትረክብ ኢኻ?

ሰብ መዚ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ክምርምሩ እንከለዉ፡ ከከም ውልቃውን ፋይናንሳውን ኩነታትካ ድማ ዝስዕብ ክትረክብ ኢኻ፡



- መጽለሊ



- ናይ ውልቃዊ ጽሬት ፍርያት



- ምግቢ ወይድማ መግቢ መግዝኢ ገንዘብ



- ክዳውንቲ



- ንመዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ

እቶም ሰብ መዚ ውልቃውን ፋይናንሳውን ኩነታትካ ብዝበለጸ ንምርዳእ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም።

## መሰል ክንክን ጥዕና



እቶም ሰብ መዚ **ዘድሊ ክንክን ጥዕና** ከም እትረኽቡ ክረጋግጹልኩም እዮም። እዚ ንኣብነት ናብ ነርስ ወይ ሓኪም ምብጻሕ፡ ከበድቲ ሕማማትን ሕዱር ኩነታትን መርመራ ምግባር፡ ብሓኪም ዝተኣዘዘ መድሃኒትን ደገፍ ጥዕና ኣእምሮን ከጠቓልል ይኽእል።

**ሕክምናዊ ጸገም እንተሃልዩካ፣ ነቶም ሰራሕተኛታት ንገሮም።**


ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮ ሕክምናዊ ህጹጽ ኩነታት ወይ መጉዳእቲ እንተሃልዩካ፡ ንሰራሕተኛታት ንገሮም ወይ ብነጻ ናብ ህጹጽ ቁጽሪ 112 ደውል። [...]



ምስ ሓኪም ወይ ነርስ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ጥዕናኻ ክምርምሩን ክሕግዙኻን እዮም። ንሶም'ውን ብዛዕባ ህሉው ወይ ሕሉፍ ሕማማት/መዛግብቲ ክታበትካን ዝኾነ ትወስዶ ዘለኻ መድሃኒትን ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም። ንሶም'ውን ብዛዕባ ዝኾነ ክህልወካ ዝኽእል/ከጓንፈካ ዝኽእል ኩነታት መጉዳእቲ፡ ቃንዛ፡ ኩነታት ወይ ጭንቀት እውን ክሓቱኻ እዮም/ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።

ገለ ምርመራታ ት ሕክምና ኣስገዳድቲ እዮም፣ እዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፣ ንኣብነት፣ ኤችኣይቪ ምርመራ (HIV)፣ ሙሉእ ብለድ ካውንት (CBC)፣ ሲ-ሪኣክቲቭ ፕሮቲን (CRP)፣ ከምኡ'ውን ሄፓታይተስ ሲ ቫይረስ (HCV) ምርመራ ደም።

## ፍሉይ ድሌት እንተሃልዩካ ፍሉይ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።

**ንሰራሕተኛታት ሓብሩ፣ እንድሕር ደኣ፥**

- ሓሚምካ ወይ ተጎዲእካ ኣለኻ
- ጥንስቲ ኣለኺ ወይ ጥንስቲ ክትከኮኒ ተኽእሊኪ
- ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ኣባላት ስድራቤት ኣለዉኻ
- ስንክልና ኣለካ (ንኣብነት ድሩት ምንቅስቓስ፣ ናይ ምስማዕ ጸገም፣ ናይ ምርኣይ ጸገም)
- ብቐጻልነት ትጨናነቕ፡ ትሓዝን፡ ድቃስ ትስእን ወይ ኣሉታዊ ሓሳባት ኣለዉኻ
- ኣብ ሕሉፍ ብዘጋጠመካ ዓመጽ ወይ ስቅያት ትሳቐ ኣለኻ
- ብሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ወይ እትፈልጦ ሰብ ምኽንያት ውሕስነት ኣይስማዓካን ወይ ፍርሓት ይስምዓካ እንተኾይኑ
- ዘይትደልዮ ነገራት ክትገብር ጸኒሕካ ወይ ክትገብር ትግደድ ኣለኻ
- ብሰንኪ እምነትካ፡ ፍቕራዊ ምርጫኻ፡ ኣከዳድናኻ ወይ ኣካይዳኻ ውሕስነት ዘይብልካ ኮይኑ ይስምዓካ እምተኾይኑ
- ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ ብዘይ ወለድኻ በይንኻ ወይ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት መጺእካ እንተኾይንካ።

ፍሉይ ደገፍ ክወሃብ ዝኽእል እቶም ሰራሕተኛታት ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ ብዛዕባ ፍሉይ ድሌታትኩም ምስ ዝፈልጡ ጥራይ እዩ።



ፍሉያት ሰራሕተኛታት ክሓቱኻ እዮም እዚ ድማ:

- **ፍሉይ ድሌታትካ** ንምግምጋም
- **ኣየናይ ፍሉይ ደገፍ** ንዓኻ ዝበለጸ ምዃኑ ንምልላይ።

እዚ ድማ ምግምጋም **ናይ ፍሉይ ድሌታት ገምጋም** ይበሃል።



ተርጓሚ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ብዝርድኣካ ቋንቋ ንክትረዳዳእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።



ፍሉይ ደገፍ እንተደሊኹም **ኩሉ ግዜ ምስ ሰራሕተኛታት ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ** ተራኸቡ።

እዚ ደገፍ እዚ ሰብ መዚ የድልየካ እዩ ኢሎም ክሳብ ዝሓስቡሉ እዋን ክትረክብ ኢኻ።

ነቲ ሓኪም፣ ነርስን ፍሉያት ሰራሕተኛታትን ኣሚንካ ብናጽነት ክትዛረቦም ትኽእል ኢኻ። ኩሉ ሓበሬታ ምስጢራዊ ክኸውን እዩ፣ እዚ ብዘይ ስምምዕኩም ንኻልኦት ኣይክካፈልን እዩ ማለት እዩ።

እቲ እንኮ ፍሉይ ዝገብሮ ኩነታት ንህይወትካ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ሂወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ወይድማ ብሕጊ እንትሕተት ጥራሕ እዩ።

## መሰል ትምህርቲ ንህጻናት

ኩሎም ህጻናት፡ ኣወዳትን ኣዋልድን፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም መሰል ትምህርቲ ኣለዎም።

ከም ትምህርቲ ቋንቋ ዝኣመሰሉ ደገፍ ክረኽቡ እዮም።




**ወለዲ ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምልኣኽ ግዴታ ኣለዎም።**

## ናይ ስራሕ መሰል

ከከም ኩነታትካ፣ ናይ ምስራሕ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። መመልከቲኹም ንዓለምለኸ ሓለዋ ካብ ዝተመዝገበሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብ ናይ ዕቑባ መመልከቲኻ ውሳነ እንተዘይተዋሂቡን፣ እቲ ምዝንጋዕ ናትካ ስሕተት እንተዘይኮይኑን፣ ኣብ ሉቱዌንያ ክትሰርሕ ትኽእል ትኸውን ኢኻ።

እቶም ስራሕተኛታት ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ ብዛዕባ ኣብ ሉቱዌንያ ዝምልከቱ ሕግታት ክሕብሩልካ እዮም።



ገለ ፍሉያት ኩነታት ኣለዉ፣ ንኣብነት ምስ ሰብ መዚ እንተዘይተሓባቢርካ ክትሰርሕ ኣይፍቀደልካን እዩ።

ትሰርሕን ከምኡ'ውን ልዕሊ ዝተወሰነ መጠን ትረክብን እንተሃሊኻ ኣብ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ትሓድር እንተኾንካን ወይ ኣብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ንኽትጸንሕ ፋይናንሳዊ ኣበል ትረክብ እንተኾንካን፡ ንመንበሪኻ ብኽፊል ክትከፍል ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።



ኩሎም ኣወዳትን ኣዋልድን ትሕቲ 14 ዓመት ዝዕድሚኦም ክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን።

## ናይ ቋንቋ ኮርሳትን ሞያዊ ስልጠናን

- ከከም ኲነታትካ፡ እቶም ሰብ መዚ ኣብ ዝስዕቡ ክትሳተፍ ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም፡:
- ናይ ቋንቋ ኮርሳት፣
- ብዛዕባ እቲ እትነብረሉ ሕብረተሰብ (ሕግታትን ባህልን) ዝምልከት ኮርሳት
- ሓደስቲ ክእለታት ንምምሃር ዝሕግዙ ኮርሳት (ሞያዊ ስልጠና)።

ኣብ ዝስዕቡ ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም፤

- ናይ ቋንቋ ኮርሳት፣
- ብዛዕባ እቲ እትነብረሉ ሕብረተሰብ (ሕግታትን ባህልን) ዝምልከት ኮርሳት
- ሓደስቲ ክእለታት ንምምሃር ዝሕግዙ ኮርሳት (ሞያዊ ስልጠና)።



እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ እዞም ኮርሳትን መዓስ ክትጅምሮም ከም እትኽእልን ክሕብሩኻ እዮም።

## ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምኽንካ ዝገልጽ ሰነድ



ወግዓዊ ሰነድ ክመጸካ እዩ፣ እዚ ናይ ወጻኢተኛታት ምዝገባ ወረቐት ምስክር፣ ዝበሃል ንኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልካቲ ምኽንካ ዝገልጽ እዩ። እዚ ሰነድ እዚ ሽምካን ውልቃዊ መረዳእታኻን ክገልጽ እዩ። ኩሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዞ ኣለካ።

እዚ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ኣይኮነን።

**ኣቓልቦ!** እዚ ሰነድ ንክይጠፍኣካን ንኻልእ ሰብ ንክይትህቦን ተጠንቀቕ።

## ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ?

ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን እትዓርፈሉ ቦታ ኣብ ብዙሕ ረቛሒታት ይምርኮስ።

**ኣበይ ተዓቕብኩም ኣለኹም ብዘየገድስ ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም፥**



- **ውሑስ ኩን:** ሰራሕተኛታት ሓዊሱ ዝኾነ ሰብ ከፈራርሓካ፣ ክጸርፈካ ወይ ክጎድኣካ ኣይፍቀደሉን እዩ።



- **ምስ ሰብኣይኪ፥ ምስ ሰበይትኻ፥ ደቅኻን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣሕዋትካን ወይ ድማ ምስ ሓደ መዓልታዊ ክንክን ዘድልዮ ዓቢ ዘመድካ ጽናሕ**
- መዓልታዊ ክንክን ዘድልየካ ዓቢ ሰብ እንተኾንካ **ምስ ኣዝማድካ ጽናሕ**



- ምስ ኣባላት ስድራቤትካ **ንምዝርራብን ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ ድማ ንክትደልዮም ንክትፍትን ሓገዝ ምርካብ።**

**ከም ዝስዕብ ከም ዘጋጠመካ እንተኣሚንካ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፥**



- ዝኾነ ካብቶም ሰራሕተኛታት ከም ዘፈራርሓካ፡ ከም ዝጸረፈካ ወይ ዝጎድኣካ እንተኣሚንካ።
- እቲ ናይ ናብራ ኩነታት ከምኡ’ውን/ወይድማ እቶም ዝቐርቡ ኣገልግሎታት እኹል እንተዘይኮይኖም ወይድማ እቲ ዝድለ ደረጃ እንተዘይኣማሊኡ።
- ናትካ ወይድማ ናይ ካልኦት ድሕንነት ዝጸልው ናይ ድሕንነት ጸገማት ኣለው።

እቶም ሰብ መዚ ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ ከመይ ጌርካ ወግዓዊ ጥርዓን ከም እተቕርብ ክሕብሩኻ እዮም።

ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ ንኤጀንሲ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**ከከም ኩነታትካ፡** እቶም ሰብ መዚ ኣብ ፍሉይ ቦታ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቕበሊ ኣጋይሽ) ክትጸንሕ ከምዘለካ **ክውስኑ እዮም።**



**ካብቲ ፍሉይ ቦታ ብገለ ገደባት ክትወጽእ ክፍቀደልካ እዩ። ኣብቲ ዝተገልጸ ፍሉይ ቦታ ምህላውካ ብቐጻሊ ክፍተሽ እዩ።**

እቶም ሰብ መዚ ነዚ ብብዙሕ ምኽንያታት ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡

- ክትሃድም ትኽእለሉ ሓደጋ እንተሃለዩ።
- ካልእ ሃገር ንመመልከቲ ዑቕባኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል እያ ከምኡ'ውን እቶም ሰብ መዚ ክትሃድም ትኽእል ኢኻ ኢሎም እንተሓሲቦም።
- ብዘይ ፍቓድ ካብዛ ሃገር ወጺእካ፡ ተመሊስካ ዳግማይ ክትሃድም ትኽእል ኢኻ ዝብል ሓደጋ ኣሎ።

**እቶም ሰብ መዚ ነዚ ውሳነ ብጽሑፍ ብዝርዳእካዮ ቋንቋ ከረድኡኻ እዮም። ነቲ ውሳነ እንተዘይኣኽቢርካዮ ብዛዕባ መሰላትካን ግዴታኻን ኣሉታዊ ሳዕቤናትካን ክሕብሩኻ እዮም።**

ነዚ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

ነቶም ሰብ መዚ ኣብ ካልእ ቦታ ንውሱን ግዜ ንኽትጸንሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ሰብ መዚ ንሕቶኻ ክጽድቕዎ ወይ ከየጽድቕዎ ይኽእሉ እዮም። ሕቶኻ እንተተነጺጉ ነዚ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

**ኣቓልቦ!** ኣብ'ዚ ፍሉይ ቦታ ክትጸንሕ ዝተወሰነ ውሳነ ዝተገብረ ገደባትን እንተዘይኣኽቢርካዮ፡ ዳግማይ ክትሃድም ትኽእል ሓደጋ እንተሃልዩ ድማ ክትእሰር ትኽእል ኢኻ።

## ሓደ ኣመልካቲ ክእሰረሉ ዝኽእለሉ ኩነታት

ምእሳር ማለት ብናጽነት ክትወጽእ ኣብ ዘይትኽእለሉ ፍሉይ መሳለጥያ ክትቕመጥ ክለኻ ማለት እዩ። እቶም ሰብ መዚ ንኽኣስሩኻ ብቑዕ ምኽንያት ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ጉዳይካ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይከኣል ርግጸኛታት ክኾኑ ኣለዎም። እቲ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ምውሳኑ ውልቃዊ ኩነታትካ ኣብ ግምት ክእትዉ እዩ።



ምኽንያታት ማእሰርቲ ንኣብነት፡

- ኣገደስቲ መዳያት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ (ንኣብነት መንነትካ) ብዘይ ምእሳር ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ።
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ናይ ምጽናሕ ግዴታ ኣየኽበርካን፣ ዳግማይ ክትሃድምን ሰብ መዚ ክበጽሑኻ ዘይክእሉሉን ሓደጋ ኣሎ።
- ናብታ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ + ሃገር ክትሰጋገር ውሳነ ተወሲኑልካ ቅድሚ እቲ መስርሕ ምስግጋር ክትሃድም እትኽእለሉ ሓደጋ እንተልዩ።
- ናይ ጸጥታ ሓደጋ ትፈጥር እንተኾንካ።

እንተተኣሲርካ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ብነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም?





**ኣብ ታሕቲ ገለ ካብቶም ክትክተልዎም ዘለኩም ግዴታታት ኣለዉ።**

- ✅ ሕጊ እዛ ሃገር ተኸተሉ።
- ✅ ኣብ ሉቱዌንያ ጽናሕ፣ ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣይትጓዓዝ።
- ❌ ብዘይ ፍቓድ ካብቲ ሰብ መዚ ክትጸንሕ ኣለካ ዝበሉሉ ፍሉይ ቦታ ኣይትውጻእ።
- ✅ ምስ ሰብ መዚ ምሉእ ብምሉእ ምትሕብባር መምርሒታቶም ድማ ኣኽብር።
- ✅ ሕግታት ናይቲ እትጸንሓሉ ቦታ ኣኽብር።
- ✅ ነቶም ካልኦት ነበርቲ፡ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ሰባትን ኣኽብሩ።
- ✅ ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ጸጋታትካ ንሰብ መዚ ኣፍልጦም።
- ✅ ምእንቲ ኩሉ ግዜ ክረኽቡኻ ንሰብ መዚ ብዛዕባ ህሉው ኣድራሻኻን ርክብ ሓበሬታኻን (ቁጽሪ ተሌፎን፡ ኢመይል)፡ ከምኡ'ውን ዝኾነ ለውጢ ኣፍልጦም።

ብሰብ መዚ እንተተወሲኑ ኣብ ግዴታዊ ኮርሳት ንውህደት ምስታፍ።

## ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን?

ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ ንኹነታትካ ክግምግሙ እዮም፡ ገለ ዓይነት ደገፍ ድማ ክቕንሱ ወይ ክስርዙ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ ብዛዕባ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ብጽሑፍ ክሕብሩኻን ኣየናይ ደገፍ ከም ዝቕንሱ ወይ ከም ዝስርዙን ክገልጹኻ እዮም።



### ኣቓልቦ!

**ውሑድ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፣** ንኣብነት፣ እንድሕር፡


- ብዘይ ፍቓድ ካብቲ ስብ መዚ ዝበልዎ ፍሉይ ቦታ እንተወጺእኻ
- ምስ ሰብ መዚ ኣይትተሓባበርን ኾይንካ
- ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ዓቕምኻ ትሕሱ

- ሕግታት ናይቲ እትዓርፉሉ ቦታ እንተጥሒስካ
- ኣብቲ ግዴታዊ ኮርስታት ዘይትሳተፍ ኮይንካ
- ድሮ ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ ካብታ ሃገር እንተ ደኣ ወጺእካ።

ኣብ ዓመጽ ዝመልኦ ባህሪ እንተተሳቲፍካ፡ ንኻልኦት እንተፈራሪሕካ ወይ ድማ ብተደጋጋሚ ወይ ብዕቱብ መንገዲ ሕግታት ናይቲ እትነብረሉ ቦታ እንተጥሒስካ **ትረኽቦ ዘለኻ ደገፍ ክትስእኖ ትኽእል ኢኻ።** ኣብ ከምዚ ኩነታት ፖሊስ እውን ጣልቃ ክኣትዉ ክጽውዑ ይኽእሉ እዮም።



## ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ እንታይ ይኸውን?




**ኣብ ሉቱዌንያ:**

- መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ።

**ኣብታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዓዝካላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+:**

- እቶም ሰብ መዚ ናብታ ብዘይ ፍቓድ ገዲፍካያ ዝወጻዕኻ ሃገር ክመልሱኻ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም

ሰብ መዚ ብዛዕባ እቲ ንኽመልሱኹም ዝወሰንካላ ውሳነ ካብ ዝሕብሩኻ ህሞት ጀሚሩ፡ ዝተወሰኑ መሰላት ኣይትረክብን ኢኻ፡ ንኣብነት፡

- ንስኻ **ሓያሎ ዓይነታት ደገፍን ኣገልግሎትን ኣይትረክብን ኢኻ።**
- ስራሕ **ክትሰርሕ ኣይክፍቀደልካን** እዩ።
- **ኣብ ሓድሽ ክእለት ኮርሳት ቋንቋ ወይ ንምምሃር ኣብ ዝወሃቡ ኮርሳት ክትሳተፍ ኣይፍቀደልካን እዩ።**

## ናብታ ብዘይ ፍቓድ ዝወጻእካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣባል ሃገር ምስ ተመለስካ እንታይ ይኸውን?



እቶም ሰብ መዚ ኣብ ሓደ ፍሉይ ቦታ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ክትጸንሕ ከም ዘለካ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም፣ ሃለዋትካ እውን በበዋኑ ክፍትሹ ይኽእሉ እዮም። ካብቲ ማእከል ብገለ ገደባት ክትወጽእ ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ።

## ውሳነ በዓል መዚ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም



እቶም ሰብ መዚ ከም ኣመልካቲ መሰልካ ክድርቱ እንተ ወሲኖምን እዚ ፍትሓዊ ኣይኮነን ኢልካ እንተኣሚንካን **ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።**

እቶም ሰብ መዚ እንተ ወሲኖም ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ፡

- ናይ መንበሪን ካልእ ናይ መቐበሊ ደገፍን መሰል እንተዘይሃልዩካ
- ነቲ ዝወሃበካ ናይ መቐበሊ ደገፍ ንምንካይ ወይ ንምስራዝ
- ንግዚኡ ካብቲ ፍሉይ ቦታ ክትወጽእ ዝሓተትካዮ ሕቶ ንከይጸድቕ
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ክትጸንሕ ግዴታ ኣለካ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ከምኡ'ውን ዝተወሰነ ገደብ ሒዝካ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ።
- ንኽትትሓዝ
- ኣብ ሉቱዌንያ እቲ ይግባይካ ኣብ ቅድሚ ሰብ መዚ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ኣሎ።

ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካን ኣብኡ ዝተወሰኑ ናይ ምቕባል መሰላት እንተስኢንካን፡ ነዚ ውሳነ ኣብታ ሃገር ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

# ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም

ነቲ ብሰብ መዚ ናይ ምቕባል መሰላትካ ክድርት ዝወሰድዎ ውሳነ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ይግባይ ክትብል እንተደሊኻ፡ ከከም ኩነታትካ፣ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትረክብ ትኽእል ትኸውን ኢኻ።

እዚ ማለት ኣማኻሪ ሕጊ ወይ ክሕግዘካ እዩ። ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ጠበቓታት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ሕጋዊ ሓገዝ ይህቡኻ፣ ንረብሓኻ ይከላኸሉን ካብ ሰብ መዚን ዳኛን ተፅዕኖ ነጻ እዮም።

ብተወሳኺ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ንኣማኻሪ ሕጊ ወይ ጠበቓ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።






እቶም ሰብ መዚ ከመይ ጌርካ ንውሳነ ይግባይ ከም እተቕርብ ክሕብሩኻ እዮም።

ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ UNHCR ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ እንተላይ ብዛዕባ ዘሎ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን።

ኣብ ሉቱዌንያ ዘለዉ ሰብ መዚ ብሰንኪ ኣብ ገጽ 19፣ ዝተገልጸ ኩነታት ንዘተዋህበካ ናይ ምቕባል ደገፍ ክቕንሱ ወይ ክስርዙ ምስ ዝውስኑ፡ ዝተወሰኑ መሰላት ክህልዉኻ እዮም። ንኣብነት፣ ሕጂ'ውን ኣብ ሓኪም ወይ ነርስ ክትረኣይ ክትኽእል ኢኻ፣ ሕክምናዊ ሓገዝ ንክትረክብ፣ ደገፍ ንምርካብ (*ንኣብነት፡ ምግቢ*) ከምኡ'ውን ሰብ መዚ ኣብ ዝውሱንልካ መንበሪ ቦታ ናይ ምንባር መሰላት ክህልዉኻ እዮም።

እትረኽቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ።

ሰብ መዚ ናይታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዕዝካላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ EU+ ነቲ ዝተዋህበካ ናይ ምቕባል ደገፍ ክስርዝዎ ምስ ዝውስኑ፡ እቲ ገና እትረኽቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ።

## ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም



ነቲ ብሰብ መዚ ናይ ምቕባል መሰላትካ ክድርት ዝወሰድዎ ውሳነ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ይግባይ ክትብል እንተደሊኻ፡ ከከም ኩነታትካ፡ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እዚ ማለት ኣማኻሪ ሕጊ ወይ ጠበቓ ክሕግዘካ እዩ። ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ጠበቓታት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ሕጋዊ ሓገዝ ይህቡኻ፣ ንረብሓኻ ይከላኸሉን ካብ ሰብ መዚን ዳኛን ተፅዕኖ ነጻ እዮም።

ብተወሳኺ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ንኣማኻሪ ሕጊ ወይ ጠበቓ ክትውክስ ትኽእል ኢኻ።




እቶም ሰብ መዚ ከመይ ጌርካ ንውሳነ ይግባይ ከም እትቕርብ ክሕብሩኻ እዮም።

ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ UNHCR ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ እንተላይ ብዛዕባ ዘሎ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን።

# ዝርዝር መራኸቢ

ንስኻን ስድራቤትካን ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩኩም ወይ ኣብ እዋን ጸንሖትኩም ደገፍ እንተድኣ ኣድልዩኩም፡ ምስቶም ኣብዚ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

| በዓል መዚ መቐበሊ ኣጋይሽ 44 | |
|---|---|
| Reception and Integration Agency | info@piia.lt +370 602 49364 |

| ካልእ ዝምልከቶ በዓል መዚ | |
|---|---|
| ክፍሊ ስደት | info@migracija.gov.lt +370 707 67000 |

| ካልእ ዝምልከቶ በዓል መዚ | |
|---|---|
| ናይ ሓለዋ ዶብ ስቴት ኣገልግሎታት | dvks@vsat.vrm.lt +370 707 59305 |

ንስኹም ነዞም ትካላት ክትረኽቡዎም እውን ትኽእሉ ኢኹም፣ ምስ ዝስዕቡ ጉዳያት ንዝተኣሳሰሩ ሕቶታት፡

## ሕክምናዊ ደገፍ ምሃብ



ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኤጀንሲ

info@piia.lt  +370 602 49364

ወይድማ ንፍሉያት ሰራሕተኛታት እቲ ኤጀንሲ ይርከብዎም

## ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍ



ካሪታስ ሊቀ ጳጳሳት ቪልኒዩስ፡-

kulturunamai@vilnius.caritas.lt

+370 673 48052

ቤት ጽሕፈት መቐበልን ምውሃድን፡-

info@piia.lt  +370 602 49364

ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ንዘለዉ ፍሉያት ሰራሕተኛታት ይርከብዎም

## ሕጋዊ ምኽሪ፣ ሓገዝን ውክልናን



ብስቴት ውሕስና ዝወሃቦ ሕጋዊ ሓገዝ፡-

teisines.paslaugos@piia.lt  +370 602 49364

ማሕበር ቀይሕ መስቀል ሊቱዌንያ፡- ሕጋዊ ምኽሪ

legal@redcross.lt፤ ኣሰር ምርካብን ምትእስሳርን ኣባላት ስድራቤትን ኣዝማድን  tracing@redcross.lt

## UNHCR (ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፣ United Nations Refugee Agency)

*ረብሓን መሰላትን ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ይሕሉ።*

| | |
|---|---|
|  | ብዛዕባ UNHCR ኣብ ሊቱዌንያ<br>ወከልቲ UNHCR ንሃገራት ኖርዲክን ባልቲክን:- +46 10 10 12 800 (ካብ ሶኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ 10.00-12.00 ብሰዓት ስቶክሆልም)<br>ቤት ጽሕፈት ርክብ UNHCR:-<br>+370 5210 7416 (ካብ ሶኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ 9.00-17.00 ብሰዓት ቪልኒዩስ)<br>swestprotection@unhcr.org |

| | |
|---|---|
| ኣህጉራዊ ውድብ ስደት (IOM) ቤት ጽሕፈት ቪልኒዩስ:- ብፍቓዶም ንዝምለሱ ዝወሃብ ሓገዝን ዳግመ-ምውሃድ ሓገዝን | iomvilnius@iom.int +370 8 001 2342 |
| ማሕበር ቀይሕ መስቀል ሊቱዌንያ:- ምክትታል | stebesena@redcross.lt +370 682 16597 |

ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙኩም ወይ ኣብ ሓደጋ እንተ ኾይንኩም፡ በዚ ቁጽሪ ብነጻ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፡

**ህጹጽ ሕክምና፡** 112

**ፖሊስ፡** 112

# መዘኻኸሪታተይ

# መዘኻኸሪታተይ

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

Reception and Integration Agency

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025